ሀዚ ይጥቀሙሉ ኣለዉ። (ናይ ከባቢኦም ስርዥሶን መኽዳን እውን "ከም ሀዚ ... ሥርዓት ኣብዕሊሰ-ሓሪሻይ" ዝብል ናይ ብሕቶም መፈጸሚ ዋዕላ ሥርዓት ኣብዕሊሰ-ሓሪሻይ" ዝብል ናይ ብሕቶም መፈጸሚ ዋዕላ

ታሪክ ኢሮብ

ሀዚ ይጥቀሙሉ ኣለዉ። (ናይ ከባቢኦም ስርዥሶን መኻዳን እውን "ከም ሥርዓት ኣብዕሊሰ-ሓሪሻይ" ዝብል ናይ ብሕቶም መፈጸሚ ዋዕላ ዝነበረ ቃል "ከም ሥርዓት ወልዱን ሱባጋድስን" ናብ ዝብል ሓፈሻዊ ቃል ከምዝተቐየረ ማለት ኢዩ።)

ኣብ ኣሽያይማ ዝመጹ ቃላት፡ "ራእሲ" "ደጊያት"/"ደጅኣዝማች" "ፊትወራሪ" "ቀኛኣዝማች" "ግራኣዝማች" "ብላታ" "ልጅ" ወዘተ. እንካብ ላዕሊ ብትግራዋይነቱ፤ "ዎና" ("ኣና") ዝብል ከዓ ካብ ታሕቲ ካብ ሓዞ ዝተወሰዱ ኢዮም። "ዎና" ማለት ከዓ "ዋና" በዓል-ቈጽሊ" "መላኺ" ማለት ኢዩ።

## ሥሪትን መሥረትቱን

ብጊዜ መሳፍንቲ፡ ብፍላይ ብጊዜ ደጊያት ሱባጋዲስ፡ ካብ "ሠለስተ ኢሮብን"[48] ጕረቤቶም ካብ ዝነበሩ ሓዞን ወኪላት ተዋጺኦም ዝተኸልዎ ሓባራዊ ሥሪት (ሕጊ) ከምዝነበረ ይፍለጥ። እቱ ሕጊ ካብ ጥንቲ ዘጽንሕዎን ዝጥቀሙሉን ዝነበረ'ኳ እንተኾነ በብጊዜኡ "ሥርዓት የመሓይሽዎ ነይሮም ይበሃል። ክሳዕ ሀዚ ከዓ ገሊኦ፡ "ሥርዓት ኣቦታትና"[49] እናበሉ ዝጥቀሙሉ ኣሎ። እንተኾነ ግን ድኅር ራእሲ ስብሓት እቱ ሥሪት (ሕጊ) ኣብ ዓዲግራት ኣብ ቤተ መንግሥቲ ክቕመጥ ስለዘለዎ ይምጻእ ምስ በሉ ጽሒፎም ናብ ዓዲግራት ኣምጺኦዎ። ኣብ ዓኾራ ዥናት ኮይኑ ምስ ተሰዓሩ ኣበይ ከምዝጠፍኤ እንከይተፈልጠ ቅዳሕ ከይተረፎ ጠፊኡ ቐረየ። ብድኅሪኡ ነገሥታት ናይ ባዕላቶም ሕግታት እናዘርገሑ ምስ ከዱ እቱ ናይ ቃልን ባህልን ጥራሕ ኮይኑ ዝጸንሐ ሥሪት (ሕጊ) እናተረስዐ ከደ። ቅድሚኡ ግን ብመሠረት'ቱ ሥሪት ይመሓደሩ ነበሩ፤ ቅጽዓት-ሞት'ኳ እንከይተረፈ ቀረባ ዓለቱ ከምዝጅምር እናተገብረ ብደርባ-እምኒ ኣብ ማእከል ኣኸባ ይፍጸም ነበረ።

ከምዝበሃል፡ እዳ-ቡኽነይቶን እዳ-ኣልገዳን እዳ-ሓሰበላን ሓዞን ስርዥሶን ብሓደ ኮይኖም ሥሪት ከውጽኡ፡ ንስርዥሶ (ንወኪሎም

48 ኣብዙይ "ሠለስቱ ኢሮብ" ዘስምዕ ብጠቕላላ ንሠለስቲኦም ደቂ ወረደምሕረት (ሡመን ሰንበታይን ሓነክን) ዘይኮነስ ንኣድገዳን ቡኽነይቶን ሓሰበላን ኢዩ።

49 ንኣብነት፡- ኣብ ዓዲ ኢሮብ፡ ሓደ ሓደ ባህላዊ ከይዲ ወይ ሥርዓት፡ ጥንታውነትን መሠረታውነትን ከምዘለዎ ንምርግጋጽ፡ "ሡመ ሱባይቶ ሱባልሳህ፡ ጋይሶላ ሓይዺቢርህ፡ ኣድጋዲ ቡክናይታህ" ተብሂሉ ይጥቀስ።



ጕይታና ገብረዝጊ) ምእንቲ ከቐርብ ኢሎም መራኽቢ ቦታ ማንጋሎ ገይሮም ነበሩ። "ማንጋሎ" ዝበሃል ትሕቲ ሰበያ ኣብ ማእከል ሰበያን ዓሊተናን ዝርከብ ሩባ እንክኾን፡ ናይ ቀደም ትርጕሙ፡ ኣብ ላዕሊ ከምዝተገልጸ፡ ካብ "ሠለስተ ኢሮብን" ስርዥሶን ሓዞን ዝተዋጽኡ ሓሙሽተ ሰባት ሥሪቶም ንከውጽኡን በብጊዜኡ ከዓ ንከመሓይሹዎ ክራኽቡሉን ተመሪጹ ዝነበረ፡ "መራኸቢ"/"መኣከቢ" ቦታ ማለት ኢዩ። ሎሚ ግን ናይ ቀደም ትርጕሙ ተረሲዑ ናይ ክልተ ወኅይዝቲ መራኽቢ ቦታ መጸውዒ ስም ኮይኑ ይርከብ።

ድኅር ስርዥሶ ምስ ተረፉ፡ መራኽቢኦም ንወኪል ሳዓሳ (ሓዞ) ምእንቲ ክቐርብ ኢሎም "ሓንታካር" ኣብ ዝበሃል ቦታ (ማዕራባ - ኣብ ማእከል ማጋዑማን ኣራዕን ዝርከብ ሩባ) ከምዝኸውን ገበሩ። ወኪል ናይ ሳዓሳ ዝነበሩ ኦና ዑማር ወዲ ኦና ኣሕማድ እተብሃሉ ከይተሓወሱዎም ተረፉ። ሻዑ ኦና ኢስማዒል ዝበሃሉ ወዲ ዓሳዓሊላ (ሓዞ):-

"ባዷዷ'ለ ኩዎኮ ኤመንገምኮ፡
ኣላ'ሊ ኩዎኮ ዳኅወምኮ፡
ሓቢሲታም ቡሳ ራዕተምኮ"

ቢሎም ባዕሎም ንዓሳዓሊላ ወኪሎም ኣብቱ ምውጻእ ሥሪት ከምዝተሓወሱ ይንገር። (ዓሳዓሊላን ሳዓሳን ኵሎም ሓዞ ኢዮም)። ትርጕም፡- "ለያቡ እንካባኻ እንተውሒደ፡ ኣጣል እንካባኻ እንተብዚሐ፡ እንተተረፍካስ ግደፎ" ብማለት፡ ሥሪት ምውጻእ ንኣኦም ኣብሊጹ ክጠቅም ከምዝነበረ ብማሰ ገለጹሎም)። ሳዓሳ ተሪፎም፡ ንቱ ሥሪት ግን ኣርባዕቲኦም ቡኽነይቶን ሓሰበላን ኣልገዳን ሓዞን (ብወኪል ዓሳዓሊላ) ኮይኖም ኣብ "ሓንታካር" ከምዘውጽኡ ይንገር። ንቱ ሥሪት ኣውጺኦም ዝበሃሉ ሰባት ከዓ፡-

1/ ካብ እዳ ቡኽነይቶ ዎና ተስፋዮሓንስ (ወዲ ጋማ-ባሀ/ዎና ኩማኒት)
2/ ካብ እዳ ሓሰበላ ኣይተ ገብሩ ጉራ (ኃው ደጊያት ሱባጋዲስ)
3/ ካብ እዳ ኣልገዳ ዎና ፍሡሕ
4/ ካብ ሓዞ (ዓሳዓሊላ) ዎና ኢስማዒል፡ ኢያቶም።

እዞም ሰባት'ዚኦም፡ ብቱ ጊዜ'ቱይ መጽሓፍን ጸሓፍን ተሎ ይግነ ስለዘይነበረ፡ እቱ ዝዘተዩሉን ዝወደኡዎን ነገራት ተረሲዑ ወይ ተደባሊቑ ከይተርፍ ኣኸባኦም እንከየቋረጹ ሥሪቶም ኣስተኻኺሎም ክሳዕ ዘውጽኡ ንክልተ ወርኂ ዝኣክል ለይትን መዓልትን ኣብ ትሕቲ ኦም ካብቱ ቦታ ከይተንቀሳቐሱ፡ ምግቢ ኮነ ካልእ ዘድልዮም ነገራት ናባኡ እናምጸኡሎም ኣብቱ ቦታ ከምዝጸንሑ ይንገር። ንዥሉ